መርዛም መልሓስን ድምጺ ካራሩን !

ንዑመር ዓብደላ ረቢ ይርሓመሉ ፡ ንሱልጣን ሳልሕ ጥዕንኡ ይምለሰሉ ፡እቶም ገበነኛታት ከኣ ዝግበኦም ፍርዲ ግድን ክረኽቡ ኣለዎም ።

ከም ናይ በጋሚንዶ ተግባር፡ ወይ ሕማም ወይ ሓድሽ ተርእዮ . . . . ኢልካ ፡ ንታሪኻዊ መልክዑ ከይፈተሽካ ክሕለፍ ዘይብሉ ፤ ግዜን ቦታን እናመረጸ ንኤርትራዊ ጂኦ ፖለትካዊ ሓድነት ዝፈታትን ሰንካም፡ንሃይማኖት ከም ቀንዲ መሳሪሕኡ ዝወሰደ ፡ ብታሪኽ ጸረ ኤርትራ ዝኾነ ዝምባሌ`ዚ፡ ኩሎም ኤርትራውያን ብሓፈሻ፡ ብፍላይ ከኣ እቲ ኤርትራዊ ሓድነት ዘገድሶ ፡ተሓላቂ ሓድነት መሬትን ህዝብን ዝኾነ <u>ኤርትራዊ ክርስትያናዊ ሸነኽ</u> ክዕጠቀሎም ሓላፍነቱ እዩ ።

“ ሃይማኖታዊ ጎንጺ ዝበሃል የለን“ ............ ካብዚ እምነት`ዚ`የ ክብገስ፤ እቲ ኣብ ሃይማኖታዊ ተረደኦና ዘሎ ጸህያይ ከኣ ክዕጻድ ኣለዎ።

ዝኾነ ኾይኑ እዞም ሎሚ <u>“ ንሕናን እስራኤልን ኣስላም ዝበሃል ናይ ሓባር ጸላኢ ኣሎና ”</u> እናበሉ ዝምድሩ ፡ንሰብ ክሓርዱ ካራሩ ዝስሕሉ ፡ ምስ ዝኾነ ጓና ኾይኖም <u>ንኤርትራ ብድሕሪኣ ክወግኡ</u> ስጋእ ዘይብሉ ወገናውያን እዚኦም ፡ ምስ ገለ ዝገበርዎ ምጽብባቅ ገጽን የገልግለና ዝብልዎ ሓድሽ ልቢ ወለድ ታሪኽ፡ ኣጋኣዝያን`ዶ ዓባይ ትግራይ ዝብል ስምን ገዲፍካ ፡ ልክዕ ቅዳሕ ናይቶም ኣብ ግዜ ዓደይ ዓደይ （40ታት 50ታት） ኣብ መጨረሽታ ፍልልያቶም ወጊኖም （ትግራይ ትግሪኚ ዝብሉ ዓባይ ኢትዮጵያ ዝብሉ） ኣብ ኣንድነት ዝብል ጸረ ኤርትራዊ ነጻነት ዝኾነ ማሕበር ዝተጠርነፉ`ዮም።

<u>ንታሪኽን ሓቂ ሰብ ንዘይምጥፋእን ግና፡ ብዙሓት ካብቶም ኣንድነት ምስ ኢትዮጵያ መሪጾም ጸኒሖም ፡ምርጭኦም ጌጋ ምንባሩ ዝተረድኡን ምስ ሃገሮም ደው ዝበሉ፡ ደቆም ከኣ ዓቢ ሃገራዊ ተራ ዝተጻወቱን ከም ዘለዉ ክንርስዕ ኣይግባእን።</u>

እንተ`ቶም ነጻ ኤርትራ ክርእዩ ዘይደልዩ ዝነበሩ ተጻባእቲ፡ ኩሉ ንኢትዮጵያ ዘገልግል ቅትለትን ስለያን ተተሓሒዞሞ ጸኒሖም ፡ሰውራ ኤርትራ ቅልጽሙ እናትረረን እናተፈርሐን ምስ ከደ፡ ስቅ ዝመረጹ፡ ርእዮም ከምዘይረኣዩ ፡ ሰሚዖም ከምዘይሰምዑ ኮይኖም፡ ስሚዒታቶም ዝደጎሉ ጥራሕ ዘይኮነ ክሳብ ኣካል ናይቲ ሰውራ ተመሲሎም ፡ ንሕልምታቶም ዘረጋግጽሉ ምቹእ ግዜን ኩነታትን ዘማዕድዉ ነይሮም`ዮም፡

ኣይከምዝሓሰብዎን ! ህዝቢ ኤርትራ ነቲ ከም ኩለን ሃገራት ኣፍሪቃ ካብ መግዛእቲ ዝተዋህቦ ቅርጺ ሃገር፡ ብደሙን ዓጽሙን ርሃጹን ሕርማኑን ኣቢሉ ህዝባዊ ቅርጹ ኣትሓዞ፡ኤርትራ ትበሃል ሃገር ጥራሕ ዘይኮነ <u>ኤርትራ ዝብል ዘግነት / መንነት / ታሪኽ</u>፡ኤርትራዊ ዝበሃል ህዝቢ ኮም ዝህሉ ገበረ።

እዚ ከም ኣብ ማይ ዝኣተወት ኣንጭዋ ኮይኑ ንኽልተ ሰለስተ ዓቅዲ ደሃዩ ዘይነበረ ሰንካም ዝምባሌ`ዚ ፡ድሕሪ ኤርትራ ነጻ ምኻና ፡ኣብ ህዝቢ ናይ ደጋፍን ተቃዋምን ምፍልላይ ምስ ተራእየ፡ነዚ ተርእዮ`ዚ ከም ጽቡቕ ኣጋጣሚ ቆጺሩ ወዮ ንዕስራ ሰላሳ ዓመት ዝተደጎለ ዕላመኦም ኣብ ቃልዕ ኣውጺኦም ነባጉምባሕ ዛግራ እናበሉ ፡ክንዲ ዓለባ ሳርየት ዘይጸንዕ ታሪኽ እናኣለሙ ብዝተፈላለየ መልክዕ ተጋህዱ።

ሎሚ ኸኣ <u>“ ንሕናን እስራኤልን ኣስላም ዝበሃል ናይ ሓባር ጸላኢ ኣሎና ”</u> ክብሉ እንከለዉ፡ ኣቦታት ኣንድነት`ውን ክሳብ ክንድዚኦም ዓያሹ`ኳ እንተዘይነበሩ፡ ምስ እስራኤል <u>ኣስላም</u> ዝብል ዘይኮነ <u>ናጽነት ኤርትራ</u> ዝብል ናይ ናይ ሓባር ጸላኢ ነይርዎም`ዩ።

ከመይሉ ？！ ዝብል ሓታቲ ክህሉ ስለ ዝኽእል ፡ ናይ ሕጂ ጉዳየይ ታሪኽ ምትንታን ኣይኮነን፡ ግና ነታ ናይ ሓባር ጸላኢ ዝብልዋ ንምብራህ ዝኣክል ፡-

. . . . ኢትዮጵያ ትኹን ኣንድነታውያን፡ ከምኡ`ውን ኣመሪካ ትኹን እታ ሽዑ ውልዶ ዝነበረት እስራኤል ፡ኤርትራውያን ተጋደልቲ ቁምነገር ክገብሩ`ዮም ዝብል ቅንጣብ ጥርጣረ ኣይነበረንን፡ግና ገድሊ ኤርትራ ኣብ 3ይ ዓመቱ ኣብ ተጎርባ ዝተባህለ ቦታ፡ ኣብ ባርካ ምስ ሰራዊት ኢትዮጵያ ገጢሙ ተኣምር ምስ ሰርሐ፡ሰምቢዶም ብኻልእ መልክዕን ተንኮልን ክሓስቡ ጀመሩ፡ እቲ ጽንሕ ኢለ ዝገልጾ ተንኮል ጀሚሮሞ ፍረኡ ከይሓፈሱ ፡እቲ ኣብ ውግእ ተጎርባ ዝተራእየ ተኣምር ኣብ መበል 6ይ ዓመት ካብ ዕድመ ገድሊ ኣብ ውግእ ዳንደር ሰራየ ተደግመ።

ሽዑ እታ ናይቲ ተንኮል ሓላፊነት ዝወሰደት እስራኤል ፡ ንፉልይ ሃይማኖትን ዘናን ዕላማ ዝገበረ፡ኣብ በረኻ ኾይኖም፡ኣንጻር ገድሊ ኤርትራ ዝዋግኡ ኮማንዶስ ፈጠረት፡ ኮማንዶስ`ውን እቲ ንጥር ሰራዊት ዘጋጠመ`ዩ ዘጋጥሞም ነይሩ። ኮማንዶስ ምስቲ ኩሉ ብእትዮስራኤል ተመርሖም ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ዝፈጸምዎ ገበናት፡ገዛውቲ ምንዳድ፡ ጥሪት ምዝማት፡ካብ ኣፍንጫ ኣንስቲ ዝማም ወርቂ መንዚዕካ ምውሳድ . . . ሳላ ብቅዓት ተጋደልቲ ኤርትራ፡ ንትምህርታዊ ድሕረ ባይተኦምን ንሃገራዊ ሓላፍነትን ኣብ ግምት ብዘእተወ ስልቲ ምንቅቃሕ ተጠቂሙ፡ ብዙሓት ኮማንዶስ ኣብ ጎኒ ሃገሮም ከም ዝሰለፉ ገይሩ ጥራሕ ዘይኮነ፡ እቲ እስራኤል ኣብ ኤርትራ ክፍጠር ደልያቶ ዝነበረት፡ ንጸጥታኣ ኣብ ቀይሕ ባሕሪ ዘገልግል ናይ ኤርትራ ዘይምቅሳንን ሃይማኖታዊ ምፍሕፋሕን ናይ ሕነ ምፍዳይ ስሚዒት ከይለዓል ተቃሊሱ ተዓወተ፡

እቲ ብደምን ዓጽምን ረሃጽን ሕርማንን ዝሃነጽናዮ ናጽነትናን ጅኦ ፖለትካዊ ሓድነትናን ንዘልኣለም ይንበር ！！

AAHafiz